# ሟኺ ስርዓት ህግዲፍ ዘይሕጋዊ እዋጅ ተግባራቱ ፈሺሉ!

ኣብ’ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓመት 2019 ዝሓለፈ ወርሒ ማስከረም ሟኺ ስርዓት ኣስመራ ሕጋውነትን ዘይብሉ ዝኣዋጀን ዝዘርግሑን ማምርሒ ወሰኽ ዕዳጋታት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንነዊሕ ዓመታት ክሳቕ ዝጸንሐ ዘርይጉእ ኩነታት፡ ሓዲሽ ዘይሓግዊ ዘይምዕሩይ ኣዋጅ ተወሲኽዎ ንብዙሕ ምኽንያታት ንህዝቢ ካብ’ቲ ዝነበሮ ተወሳኺ ጭንቀት ዘሕደረሉ፡ ነጋዶ ብዝወርዶም ስውር መቕጻዕታት፡ ብፍላይ ድሕሪ ማስርሕ ሰላም ኢትዮ-ኤርትራ ሓምለ 2018፡ ሚዛን ዘይብሉ ንግዳዊ ምዝንባዓትን ሓለፋን፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ህዝብና ብሓፈሻ ነጋዶ ብፍላይ፡ ነቲ ብኢትዮጵያ ክኣቱ ንዝተፈቐደ ንብረት ዝጣበቐሎም ዝኸላኸለሎም ዘይብሎም ግዳይ ፍንዉ ዕዳጋን ሸቀጥን፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ብውዕልን ብዋጋን ክሳቐዩ ከም ዝጸንሑ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ህዝብና ቀሲኑ ንኸይሓድር፡ ካልእ ንኸይሓስብን ንግስነት ሟኺ ህግዲፍ ስልጣኑ ንምውሓስን ንምርግጋጽ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ማስከረም ዝተገብረ ወሰኽ ናህሪ ዕዳጋታት ህዝብና ንምንታይ ዓላማ ምኻኑ ከይተረድኦ ዝሓለፈ ኣይማስልን፡ እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ ብልክቲኡ ሸነኻት ማለት ነጋዶ ነቲ ንብረቶም መኽሰብ ንኽረኽብሉ ነቲ ሓድሽ ክብሪ ዋጋ ዕዳጋ ብምንጻግ ንብረቶም ክሓብኡ ከለዉ፣ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ ናህሪ ዋጋ ዕዳጋ ካብ እቶትን ዓቕሚን ህዝቢ ብምኻኑ ብክልቲኡ ወገናት ዝተራእየ ተቓውሞታት ካብ ግዜ ንግዜ እንዳዓበየ ብምኻዱ፡ ሟኺ ስርዓት ህግዲፍ ነቲ ዘውጽኦ ዘይሕጋዊ ኣውጃት ሽግር ከየምጽኣሉ ብዝሓደሮ ስግኣት ብኣዋኑ፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ንኣዋጅ ንምስራዝ፡ ንተቓውሞ ህዝቢ ንምህዳእ ኣብ ዓበይትን ንኣሽቱን ከተማታት ኤርትራ ብውሽጢውሽጢ ልኡኻቶም ሰዲዶም ዘካይድዎ ዘለዉ ወፈራ ንነጋዶ ከምቀደሞም ንብረቶም ክሸጡ ዳግም ብትሒምትሒምትእዛዝ ብምትሕልላፍ፡ ይሰርሕ ምህላዉ ተፈልጡ።

ዜናን ሓበሬታን
ውድብ ሓድነት ንዲሞክራሲ ለውጢ
5 ጥቅምቲ 2019